ማሕበር ባሕረኛታት ኤርትራ

اتحاد البحارة الإريترية

ERITREAN SEAMAN UNION

ማሕበር ባሕሬኛታት ኤርትራ

ክፍሊ ህዝባዊ ርክባት

መወከሲ ቁ. MR.16924-01

17.09.2024

ማሕበር ባሕሬኛታት ኤርትራ (ማባኤ)ከም መቀጸልታ ኣብ ህሉዉ ዘባዊ ኩነታት ቀይሕ ባሕሪ ጽልዉኡን ኣመልኪቱ ከቕርቦ ዝጸንሔ ትንታነታት ከም ዘመልከቶ ኣብ መስመር መጋዓዝያ እቲ ባሕሪ፣ ባሕሬኛታት፣ ድሕነት መስመር ቀይሕ ባሕርን ባህርያዊ ተፈጥርኡን ብመጥቃዕትታት ሓይልታት ሑቲ የመን ኣብ ሓድሽ ዝበኣሰ መድረኽ ምእታዉ እዩ።




*Figure 1. Bab el Mandeb map*

እዚ ድማ ብመጻብቦ ባብ ኤል-መንደብ ዝሓልፍ ትራፊክ መራኽብ ብኣስታት 57% ክጎድል ብምግባር፡ ጸጥታዊ ስግኣት ክቕጽል ጌርዎ ኣሎ። እዚ መጥቃዕትታት እዚ ንዓለምለኻዊ ንግዲ ብቐጥታ ኣብ ሓደጋ ዘእቱ ኮይኑ እናሃለወ፣ ነቲ ኣብቲ ከባቢ ዝሓልፍ 9% ነዳዲ ዓለም ኣብ ስግኣት ብምእታው መራክብ መስመር ክቕይራ ብምግዳድ ብመንጽሩ ዋጋታት ብ20-30% ክውሰኽ ገይሩ ኣሎ።

ማሕበር ባሕሬኛታት ኤርትራ ምስቲ ሃገርና ኤርትራ ኣብ ሕምብርቲ እዚ ቅሉውላው ምህላዋ መጠን ቀንዲ ኣሻቒልዎ ዘሎ ሰብኣዊ ቁጠባዊን ኣከባብያዉን ዉሕስነት ባሕርን ህዝብን ኤርትራ እዩ። ካብ ዝኮነ እዋን ንላዕሊ ኣብቲ ቦታ ዝፍጸም መጥቃዕትን እሱ ዘስዓቦ ብከላ ባሕሪ ኤርትራ ጎረባብትናን እናዓበየ ይከይድ ብምህላዉ ነዚ ንምፍታሕ ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ኮነ ግዱሳት ኣካላት ንምስራሕ ጻዊኢት ምቕራብ ክጽሎ እዩ። ሃገራት ኤርትራን የመንን ብቐንዱ ተሰከምቲ እዚ ከቢድ ዕዳ ኮይነን መጥቃዕትታት ሑቲ ድማ ወተሃደራዉን ፖለቲካዉን ዓወታት ጥራይ ዘገድሶ ኮይኑ ክሳብ ዝቀጸለ መፍትሒ ሰረት እዚ ሽግር ንምሓዝ የኽብዶ ኣሎ።








*Figure 2The Rubymar partially submerged, March 7, 2024. (Credit: Khaled Ziad/AFP)*

ክሳብ ሕጂ እቲ ኣብ መጋቢት 2024 ብሰንኪ ምጥሓል MV Rubymar ዘጋጠመ ዝኸበደ ሓደጋ ኮይኑ ይቕጽል ኣሎ። ብመሰረት ጸብጻባት ወርሒ መስከረም 2024፡ እታ ዳርጋ ሙሉእ ብሙሉእ ኣብ ምጥሓል በጺሓ ዘላ መርከብ፡ ነዳድን ድኹዒን ብምልሓክ፡ ንኣብ ዓከባቢታት ደሴታት ሓኒሽ ዝርከብ ብዙሕነት ሂወታዊያን ፍጥረታት ባሕሪ፣ ንሃብቲ ቁጠባ ምግፋፍ ዓሳ እቲ ከባቢ ኣብ ሓደጋ የእትዎም ኣሎ። ትካል IMOን ኣሜሪካን ብዛዕባ እቲ ኣብታ መርከብ ዝተረፈ ነዳድን መዳበርያን ዘስዕቦ ሓደጋታት ከባቢ ስክፍትአን ብምግላጽ፡ ኣብ ደሴታት ሓኒሽን ከባቢኣን ንዝርከቡ ስነ-ህይወትን ዘስዕቦ ሓደጋ ኣስሚሩሉ ዘለዋ።

ከምኡ ዉን MV Sounion ዝተባህለት ባንዴራ ግሪኽ ተንበልብል መርከብ ነዳዲ ዉን ካብ ነሓሰ 2024 ጀሚራ ብዕጡቓት ሑቲ መጥቃዕቲ ድሕሪ ምብጽሓ ሓዊ ትነድድ ኣላ። ሓይልታት ሓይሊ ባሕሪ ልፍንቲ ነታ መርከብ ነዳዲ ግሪኽ ንምድሓን ይሸባሸቡ ኣለዉ። 150,000 ቶን ዘይተጻረየ ነዳዲ ዝሓት ኮይኑ፡ ንከባቢና ዓቢ ሓደጋ ኮይናቶ ኣላ።




*Figure 3 - Figure 3 - MV Sounion Greek oil ታንከር*

ሓይልታት ሑቲ ንከም ኣብ መራከብ MV Rubymar and MV Sounion ብሰንኪ ዘውረዶ መጥቃዕቲ ንከባብያውን ቁጠባውን ዘውርዶ ዕንወት ኣዝዩ ትሑት ኣቃልቦ እዩ ዝህብ ዘሎ። ትኹረቶም ኣብ ወተሃደራዊ ስርሒታት ንሲቪላዊ ዕላማታት ኮይኑ ይቕጽል ኣሎ። በዚ መጥቃዕቲ ንዝስዕብ፣ ምክዓዉ-ምፍሳስ ጽዕነት ነዳዲ፣ ምፍሳስ ጽዕነት መዳበርያ ካልኦት ብቀሊሉ ንባሕርታትና ዝብከሉ ጽዕነታት፣ ኣብ ድርኩኩት ግዝኣታት ኤርትራን የመንን ኮይኑ ብዘይ ዝኮነ ተስፋ ምቁራጽ ተጻብኦታት ይቕጽል ኣሎ። እዚ ኣብ ልዕሊ ባሕሪ ኤርትራን የመንን ዝፍጸም መጥቃዕትታት ንስነ-ህይወት ባሕርን ማሕበረሰባት ገማግም ባሕርን ዘውርዶ ዘሎ ነዊሕ ክጸንሕ ዝክእል ከቢድ ብከላ ኣብ ግምት ብምእታው ሓይልታት ሑቲ ንጥቅሚን ረብሓን ህዝብታት እዚ ዞባን ገዛእ ጥቅሙን ብህጹጽ መጥቃትታቱ ደው ከብል ይግባእ።



Figure 4 - ባህላዉያን ባሕሬኛታት ዓፈር ኤርትራ

እዚ መጥቃዕትታት ንኣካል ሕብረተሰብና ዝኮነ ህዝቢ ዓፋር ኤርትራ፣ ንጥፈታት ባህላዉያን ብቀንዱ ብሓፈሻ ምግፋፍ ዓሳን ንግዲ ባሕሪን ዝኣመሰሉ ንጥፈታት ብከቢድ ተወሳኪ ሃስይዎም ገሩሉ ይርከብ። ኣብ መነባብሮ ኤርትራውያን ባህላዉያን ገፈፍቲ ዓሳ ዞባታት ደንከል ህዝቢ ዓፋር ኤርትራ ብቐጥታ ተጸልዩ ምህላዉ ምንጥታትና ዘረጋግጽዎ ናይ ባይታ ሓቂ እዩ። ኣብ ዝሓጸረ መፍትሒ እንተዘይተገይሩሉ፡ ኣብ ልዕሊ ስነ-ህይወት ሃብትቲ ባሕርን ዘጋጥም ናይ ነዊሕ እዋን ጉድኣት ንኸጽገን ዉን ዓሰርተታት ዓመታት ክወስድ ዝከእል እዩ። ኣብ ሓጺር እዋን ፍታሕ እንተዘይተገይሩሉ፡ ኣብ ገማግም ቀይሕ ባሕሪ ዝርከባ ሃገራት ነዚ በይነን ናይ ምሕላውን ንዝዕብ ብከላ ባሕሪ ክፍዉሳ ዉን ዓቕሚ ዘይክህልወን ስለዝኽእል፡ ነቲ ዕንወት ንምግታእን ምርግጋእ ንምምላስን ኣህጉራዊ ምትእትታው ብህጹጽ የድሊ።



Figure 5 - ብከላ ባሕሪ

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፣ ማሕበር ባሕሬኛታት ኤርትራ ነቲ ድምጺ ሲኢኑ ዘሎ ኣብ ባህላዊ ንጥፈታት ባሕሪ ተሞርኪሱ ሂወቱ ዝመርሕ ህዝቢ ዓፋር-ደናኪል ኤርትራ ብቀንዱ ንኤርትራዊ ባሕሬኛ በዚ ኩነታት ዝተጸልወን ክደጋገፍ እዩ። ንህዝቢ ዓፈር-ደናኪል ኤርትራ ከባቢኡን ብመንጽር ጸጥታ ንጥፈታት ባህላዊ ምግፋፍ ዓሳን ንግዲ ባሕርን ሓደገኛ ኮይኑ ክቅጽል እዩ። ህዝቢ ደንካልያ ኤርትራ ብዉሽጥን ከጋጥሞ ዝጸንሐ ሽግራት ከም ተወሳኪ ህሉው ኩነታት ዉን ደጋዊ ጸጥታዊ ስግኣት ኮይኑ ድርብ ወጽዓ ኮይንዎ ኣሎ። ሰብኣዉን ትካላዉን ቅርጺ ባህላዉያን ገፈፍቲ ዓሳን ባሕሬኛታት ህዝቢ ደንከልን ኣብ ምጽናት ይከዱ ምህላዉ ማሕበር ባሕሬኛታት ኤርትራ ከቢድ ስክፍትኡ የካፍል። እዚ ህሉው ኩነታት ጸጥታ ቀይሕ ባሕሪ ምስ ምዉሳክ ኮለላላን ሰለላን ሓይልታት ባሕሪ ልፍንቲ ናብ ዝተወሰኑ ዞባታት ምግፋፍ ዓሳ ምእታው ክድረት ብምግባር፡ ከምኡ ዉን ባህላዉያን ገፈፍቲ ምስቶም ዕጡቃት ሓይልታት ሑቲ ምድንጋራት ይፈጥር ብምህላዉ ባህላዉያን ገፈፍቲ ዓሳ ደናኪል ዓፋር ኣብ ከቢድ ወጥሪ ይርከቡ።

ማሕበር ባሕሬናታት ኤርትራ ኣብ ባህላዉያን ባሕሬኛታት ብዘለዎ ተገዳስነት ንህሉው ኩነታት ህሉው ኩነታቶም ብዉሽጥን ብደገን ኣብ ምክትታል ይርከብ። ኣብ ቀረባ እዋናት ብዝተፈላለየ ምንጭታት ዝቀርብ ዘሎ ጸብጻባት ኣሻቃሊ እዩ። እዚ ንለበዳ ሽሮክ ኣብ ጢያ ደንክላያ ምስ ብርቱዕ ዕልቅልቅ ውሕጅን መጥቃዕቲ ሑቲ ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ካልእ ዉሽጣዊ ጸቅጢ መንግስቲ ኤርትራን ንባህላዉያን ባሕሬኛታት ህዝቢ ዓፈር ኤርትራ ድርብ ወጽዓ ኮይኑ ምህላዉ ዝያዳ ኣሻቃሊ እዩ። እዚ መጥቃዕትታት ንጥዕናን ሰብኣዊ ጻዕርታትን ዝያዳ ብምዝራግ ኣብቲ ዞባ ንዘሎ ናይ ጥዕናን ጸጥታውን ብድሆታት ንምምካት ህጹጽ ኣህጉራዊ ምውህሃድ ከይግበር ኣብ ርእሲ እቲ ንዓመታት ብመንግስቲ ኤርትራ ዝተገለለ ዞባ ደንካልያ ህዝቢ ዓፈር ኤርትራ ዓንቃጺ ኮይኑ ዝቅጽል ዘሎ እዩ።



Figure 6 - ባህላዉያን ነጋዶን ገፈፍትን ዓሳ ህዝቢ ዓፈር ኤርትራ






*Figure 7 - ዝተበከሉ ዓሳታት*

ከም ዝፍለጥ ባህላዉያን ባሕሬኛታት ህዝቢ ዓፋር ኤርትራ ነቲ ንዘመናት ከም ምንጪ ኣታዊኦም ዝኮነ ከም ምግፋፍ ዓሳ፣ ንግዲ ባሕሪ ምስ ጎረባብቲ ሃገራትን ካልእ ባህርያዊ ትዕድልቲ ቀይሕ ባሕሪ ንከይጥቀሙሉ ብመንግስቲ ኤርትራ ንልዕሊ 20 ዓመታት ብዝተፈላለየ ምስምሳት ስለ ዝኣገዶም ኣብ ፍቀዶ ሃገራት ስደተኛታት ኮይኖም ፋሕ ክብሉን ባህላዊ ስራሕ ባሕሪ ናብ ዘመናዊ ተለዊጡ ህዝቢ ኤርትራ ንከይጥቀመሉ ጌሩ እዩ።



*Figure 8 - ስእላዊ መግለጺ*

እዞም ባህላዉያን ባሕሬኛታት ጠቕሊሎም ንከይጸንቱ ማሕበር ባሕሬኛታት ምስ ግዱሳት ማሕበራት ኣብ ምስራሕ ይርከብ።

ኣብ መደምደምታ፣ ማሕበር ባሕሬኛታት ኤርትራ ንሃገራት ገማግም ቀይሕ ባሕርን ናይ ባሕርያ ትካላተንን፡ ሕብረት ኣፍሪቃ፡ ሊግ ዓረብ ፡ ከምኡ’ውን ኢጋድ፡ ምስ ትካል ሕቡራት ሃገራት (UN) ዝኮነ (IMO)፡ UNEP፡ Greenpeace MENA፡ PERSGA፡ IUCNን ወዘተ.... ግዱሳት ማሕበራትን ትካላትን ብምውህሃድ ብምስራሕ ነዚ ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ኣጋጢሙ ዘሎ ቀዳሞት ተጎዳእቲ ንሳቶም ሙካኖም ኣሚኖም ንድሕነትን ዉሕስነትን ቀይሕ ባሕሪ ክሰርሑ ይጽዉዕ። ኣብ ቀይሕ ባሕሪ እናተጋደደ ዝኸይድ ዘሎ ከባብያውን ጸጥታውን ስግኣታት ንምፍታሕ ቅልጡፍ ስጉምትን ኣህጉራዊ ምትሕብባርን ክውሰድ፡ ከምኡ’ውን ንሓይልታት ሑቲ ክኩነኑን ኣማራጺ ፍታሕ ንምርካብን ክላዘቡን ንጽውዕ።

ማሕበር ባሕሬኛታት ኤርትራ

Website - http://www.eritreanseamanunion.org/
info@eritreanseamanunion.org
email - eritreanseamanunion@gmail.com/
17.09.2024